# ሰማእትነት ዮሐንስ መጥምቅ

www.debresahl.com

አብ ርእስ መጽሓፍ ወንጌል ከምዝተመዝገበ፣ ዮሓንስ መጥምቕ አብ መወዳእታ ስብከቱ ሄሮድስ ንሰንበይቲ ጎዉፊሊጶስ ስለእተወ ርእዩ ከምዘይረአየ ስቕ ከይብል ከአ ዓይኑ ክገብረሉ ስለዘይከአለ፣ ሰበይቲ ጎዉካ ከተእቱ አይግበአካን እዩ፣ ኢሉ ስለዝገዘቶ፣ አበይ ዝነበረ ደፋር ደኡ አ እዩ እዚኸ ንበዓል ሥልጣን ዝግዝት ኢሉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕኖ።

እዚ ግዚያዊ ብይን እዚ ድማ ንሄሮድያዳን ንጓላን መምከሪ ዕድል ኮነን። ማለት ንጓላ ሄሮድስ ዝተወልደሉ መዓልቲ አብ ዝኽብረሉ ዕለት፣ ሄሮድስ ልቡ ክሳብ ዝጠፍኦ ክትስዕስዕሉ ኢኺ እሞ በሎ ዝዛረቦ ክትሰምዒ ኢኺ፣ እንተደአ ዝደለኽዮ ክትወስዲ ወይ ክገብረልኪ ቃል ይአትወልኪ አለኹ ዝብል ቃል ሞሊቷቶ፣ ገለ ከይመለስኪ ናባይ ተመለሲ ርእሲ ዮዉሓንስ አቁሪጽካ ሃበና ምባል እንተዘይኮኑ ካልእ ብድጎሪኡ ስለዘይንስእዮ ኩሉ ገዲፍኪ ከምኡ ጥራይ በልዮ፣ ኢላ ሰለ አቐዲማ ዝመኸረታ፣ በቲ ሳዕስዒት ጓል ሄሮድያዳ፣ ሄሮድስ ካብቲ ዝተቐመጠሉ መንበር ክወድቕ ክሳብ ዝደሊ ተሓጉሱ ዝደለየቶ ክትረክብ ቅድሚ ምኩንንትን ዓበይትን መሓለላ። ማሕልኡ ከየጉደለ ከአ ርእሲ ዮሐንስ ክትህበኒ ስለዝበለቶ አዚዙ አዉሃባ።

ርእሲ ዮሓንስ አብ ኢድ ኣደን ጓልን ምስበጽሐት ድማ ብዝጎዝኦ ነገር እናገላበጣ አንቲ ንንጉሥን ንግሥትን፣ ዘይትሓፍሪ ዝነበርኪ መልሓስ ሕጂ ደአ እወ ዘይትምልሲ፣ ተዓጺፍኪዶ? እናበላ ከላግጻሉ እንከለዋ፣ ኩሉ ዝከአሎ መድጎን ነታ ርእሲ ዮሓንስ ሕይወት ሰኩዑ አክናፍ አብቁሉ ከም እትበርር ገበራ ። ንሳ እታ ርእሲ ዮሓንስ እዉን ዝተገበረላ ከይረስዔት ጐይትአ አብ ዘለዎ ደብረ ዘይቲ ከይዳ ሰገደትሉ እሞ፤ ከም ዘላቶ ከተስተምህር ፈቒዱላ ብዙኅ ዓመታት አስተምሂራ ከአ ዓረፈት። ዜና ቤተ ክርስቲያን ተመልከት። ማቴ.18፡18፤ 14፡12።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።